ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ وحدة ارترية للتغيير الديمقراطي

Eritrean Unity for Democratic Change

# ውዕሎ ሓምሻይ መዓልቲ የካቲት 5, 2015

## ፈደራላዊ ኤኮኖ ሚ

የካቲት 5, 2015 ሓምሻይ መዓልቲ ሰሚናር ኤስደለ ናይዚ መዓልት'ዚ "ፈደራላዊ ኤኮኖሚ" መጽናዕቲ ዘቕረበ ምሁር ዶር. ገብረህይወት ተስፋይ ኢዩ። ዶር. ገብረህይወት ካብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ቢኤ ብኤኮኖሚክስ፣ ካብ ስዊዘርላንድ ናይ ከኣ ናይ ፒ.ኤች.ዲ ብ ፓብሊክ ኤኮኖሚክስ ዝተማህረ ኢትዮጵያዊ ኢዩ። ዝሃበና ኣስተምህሮ ኣዝዩ ሰፊሕን ጠቓምን ኣብ ርእሲ ምንባሩ ንቦታን ዘባውን ግሎባውን ሞኒታርን ፊስካላውን ስትራተጂታት ዘትኮረን ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ቁጠባዊ ምዕባለ ዝዳህሰሰን፣ ብመንጽር ዲሞክራስን፣ ቁጠባዊ ምዕባለን ከኣ ዝተፈላለያ ሃገራት ብምውድዳር ኣስተምህሮ ዝሃበሉ መዓልት እዩ ነይሩ።

## መልእኽታት ካብ ሲቪካዊ ማሕበራት

እት ኣብ ላዕሊ ኣስተምህሮ ሰለስተ ርብዒ ናይ ሎም መዓልቲ ዝወሰደ መደብ ኮይኑ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ግን ካብ ሲቪካዊ ማሕበራት ዝመጸና መልእኽታት ተነቢቡ። ኤርትራዊ ሲቪካዊ መርበብ ኤውሮጳ ወኪሉ ብኣካል ዝተረኸበ ሓው ኣድሓኖም ፍትዊ ብዛዕባ ኣመሰራርታ ማሕበርን ተርኡን ስፍሕ ዝበለ መግለጺ ድሕሪ ምግባር ብውድብ ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ኣብ ምውሓድ ውድባት ብስምረት ናይ ሓሙሽተ ውድባት ጀሚሩ ዘካይዶ ዘሎ ሓድነታዊ ጉስጓስ ንህዝባዊ ጠለብ ዝመለሰ ፍሉይ ተርእዮ ምዃኑ ጠቒሱ ኣድናቖቱ ገሊጹ። ሓው ኣድሓኖም ብተወሳኺ እቲ ጉዕዞ ሓድነት ተጀሚሩ እምበር ነዊሕ መንገዲ ይጽበየና ከም ዘሎ ኣመልኪቱ፣ ኤስደለ ተዓዊተ ኢሉ ከይዛነ ኣጠንቂቑ። ን ሓምሳ ዓመት ዓርኪ ኤርትራውያን ኮይኑ ታሪኽና ዘጽንዐ ጀርመናዊ ፈታዊ ገርነር ሽረደር እውን ብጋጣሚ ኣብ መድረኽ ዘተና ተረኺቡ መተባብዒ ቃል ሂቡ። ብዘይካ እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ሲቪካዊ ማሕበራት፣ ከም ዓለምለኻዊ ምሕዝነት ኤርትራውያን (ኢ.ጂ.ኤስ)፣ ካብ ኤርትራዊ መድረኽ ንምጥጣዕ ሃገራዊ ዘተ (ኢ.ኤፍ.ኤን.ዲ)፣ መርበብ ደቀንስትዮ ኤርትራውያንን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ምሁራትን ናይ መተባብዒ መግለጺታት ተነቢቡ።

ናይ ዜናን ሓበሬታን ቤት ጽሕፈት

ኤስደለ

**የካቲት 5, 2015**